TIGRIAN COMMUNITY ASSOCIATION IN VICTORIA
72-78 Second Avenue, Altona North, Victoria 3025, Australia
ማሕበር ተጋሩ ኣብ ቪክቶርያ
Email: Tigrayvic@gmail.com

# መበል 6ይ ዙር ምድማፅ ህዝቢ ትግራይ ኣመልኪቱ
# ብሕብረት ተጋሩ ኣውስትራሊያን ኒዊዝላንድን ዝወፀ ናይ ሓባር ቅዋም

መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ብሕቡራት መንግስታት ዓለም ቅቡልነት ካብ ዝረኸቡ መሰረታዊ ናይ ህዝብታት ሰብኣዊ መሰላት ሓደ ኢዩ። መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ካብ ዝግለፀሎም መሰላት እቲ ሓደን ቀንድን ድማ ህዝብታት ብዲሞክራሲያዊ ኣግባብ ካብ ላዕሊ እስካዕ ታሕቲ ብዝመረፅዎም ባይቶታቶም ንኽውክሉን ህዝባዊ ስልጣን ናብ ዝግቦኦ ኣካል ዘማሓላልፉሉ ሕጋዊን ዲሞክራሲያዊን መገዲ ኢዩ።

ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ናይ ርሑቕ ታሪኹ ገዲፍና ኣብ ዝሓለፉ 45 ዓመታት ውሽጢ፤ 17 ዓመት ኣብ ብረታዊ ቓልሲ፣ 28 ዓመታት ድማ ብሰላማዊ መንገዲ ክቃለስ ዝፀንሐሉ መሰረታዊ ጉዳይ እዚ ዓርሰ ውሳነ ብዝተኣማምን መገዲ ንኽትግበር ፤ ዲሞክራሲን ልምዓትን ንህዝባዊ ረብሓ ውዒሉ ህዝብና ካብ ድኽነትን ድንቁርናን ተገላጊሉ ራህዋን ቅሳነትን ዘለዎ ናብራ ንቀፃሊ ወለዶ ብምርካብ ዝሓሸ ናይ መነባብሮ ብርኪ ሒዙ ንኽቕፅል ንምግባር ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ብምኽንያት ኣብ ሃገርና ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ፤ ህዝቢ ትግራይን መንግስቱን ካብ ዝኾነ እዋን ብላዕሊ ብዝተፈላለየ መልክዑ ዝግለፅ ምግሃስ መሰል ኣድልዎን ክበፅሖ ዝፀንሐ እንትኸውን ፤ ብዓብይኡ ግን እቲ ብውፅኢት በማኢት ኣሽሓት መስዋእትን ምጉዳል ኣካልን ዝዓተሮ መሰል ዓርሰ ውሳነ ፣ ሕገ መንግስትን ፌደራላዊ ስርዓት ዝጥሕስን ኣብ ሕቶ ምልክት ዝኣተወሉ ኩነታት ብምኳኑ ከም ሕብረት ተጋሩ ኣውስትራሊያን ኒውዚላንድን ብዓብዪ ትኹረት ንግደሰሉን ብትረት ንቃለሰሉን ጉዳይ ኢዩ።

ንሕና ትርጉም ጉዳይ መረፃ ንሪኦ ብተለምዶ ዝግበር ተደጋጋሚ ስርዓት ዘይኮነስ ፤ ብደምን ኣዕፅምትን ጀጋኑ ስዉኣትና ዝተነድቀ ኣካል ሕገ-መንግስትን ፌደራላዊ ስርዓት ከምዝኾነ ኢዩ። ብመሰረት እቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ፤ ምድማፅ ህዝቢ ህፁፅ መንግስታዊ ኣዋጅ ሓዊሱ ከተዓናቕፎን ከመሓላልፎን ዝኽእል ሕገ መንግስታዊ ኩነታት ከምዘየለ ዝተገለፀ ረዚን ትርጉም ዘለዎ ሕገ-መንግስታዊ መሰል ምኳኑ ዝፍለጥ እዩ።

ብምኳኑ ውን መረፃ ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ዋጋ ሓርነቱ ምኳኑ ብምእማን ኣብ ዝኾነ ኹነታት ሽግራት ተፃዊሩ እዋኑ ሓልዩ ንኽካየድ ብትረት ዝቃለስ ህዝቢ ኢዩ። ህዝቢ ትግራይ ብዲሞክራሲያዊ ከይዲ ብዝምረፅ ኣካል ናይ ምምሕዳር መሰል ዘለዎ ምኳኑን ህዝባዊ ስልጣን ካብ ህዝባዊ መረፃ ወፃኢ ናብ ካሊእ ኣካል ምስግጋር ወይ ምንዋሕ ኢ-ሞክራሲያዊ ኣካይዳ ምኳኑን እዚ መሰልዚ ማንም ሓይሊ ዘይህቦ ወይም ዘየሕድጎ ሉኣላዊ መሰሉ ምኳኑ ስለዝኣምን ኢዩ።

ንሕና ሕብረት ተጋሩ ኣብ ኣውስትራሊያን ኒውዚላንድ መበል 6ይ ዙርያ መረፃ ኣመልኪትና ዘውፃእናዮ ናይ ቅዋም መግለፂ ከምዝስዕብ ኢዩ።

1. ምድማፅ ህዝቢ ብማንም ዘይወሃብ ብማንም ዘይኽላእ ሕገመንግስታዊ መሰል ህዝቢ ምኳኑ ንኣምን ፤
2. 6ይ ዙር ምድማፅ ህዝቢ እቲ ሕገ መንግስቲ ብዘደንገጎ መሰረት ብእዋኑ ንኽካየድ ንድግፍ፤
3. ትግራይ ከም ክልልን ህዝብን ናይ ምድማፅ መሰሉ ሕሉው ንኽኸውን ንድግፍ ፤
4. 6ይ ዙር ምድማፅ ኣደዳ ኮሮና ቫይረስ ንከይኸውን ህዝብን መንግስትን እኹል ምድላው ንኽገብሩ ንፀውዕ ፤
5. 6ይ ዙር ምድማፅ ህዝቢ ካብ ዝኾነ እዋን ነፃ፣ ግልፂ፣ ፍትሓውን ተኣማንን ንኽኸውን ህዝቢ፣ መንግስቲ፣ ተናሓናሕቲ ውድባት፣ ተዓዘብቲን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ሓላፍነቶም ብዝግባእ ንኽዋፅኡ ንፀውዕ፤
6. ናይ ዝኾነ መድመፂ ውልቀሰብ ይኹን ተናሓናሓናሒ ውድብ መሰል ብዘይ ምንም ኣፈላላይ ንኽኽበር ንፀውዕ፤
7. ተናሓናሕቲ ውድባት ኣብ ሚድያን ኣብ ካሊእ ናይ ንሕንሕ መድረኻት እኹል መድረኽ ንኽረኽቡን ብፋይናንስን ሎጂስቲክስን እኹል ሓገዝ ንኽግበረሎም ንፀውዕ፤
8. መንግስቲ ንዝኾነ ውድብ ከየሻረወ ንኹለን ተናሓናሕቲ ውድባት ብማዕረ ዝዳንየሉ ኩነታት ንኽፈጥር ንፀውዕ፤
9. ኮሚሽን ምድማፅ ኢትዮጵያን ማእኸላዊ መንግስቲን ብሰበብ ኮረና ቫይረስ ንዝገብርዎ ዘይ ሕገ-መንግስታዊ ምንዋሕ ስልጣን ዘይተመረፀ መንግስቲ ንኹንን ፤
10. ብዝኾነ ሓይሊ ክፍጠር ንዝኽእል ምትዕንቓፍ ምድማፅ ህዝቢ ትግራይ ብትረት ንኹንን።

**ዓወት ን6ይ ዙርያ ምድማፅ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ!!!**
**ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሓርነታዊ ዲሞክራሲ ዝተሰውኡ ሰማእታትና!!!**

**ሕብረት ተጋሩ ኣውስትራሊያን ኒውዝላንድን**

<u>መተሓሳሰቢ።</u>

*ኣብ መባእታ ገፅ እዚ ሰንድ መግለፂ ሰነድ ዘሎ ኣርማ ናይ 'ማሕበር ተጋሩ ኣብ ቪክቶርያ' ኣውስትራልያ እዩ። ኣርማ 'ሕብረት ተጋሩ ኣውስትራሊያን ኒዊዝላንድን' ኣብ ከይዲ ስለ ዘሎ ፥ ንጊዜያዊ ኣርማ 'ማሕበር ተጋሩ ኣብ ቪክቶርያ' ከም ውክልና 'ሕብረት ተጋሩ ኣውስትራሊያን ኒዊዝላንድን' ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ።*